# መሪር ናይ ሓዘን መግለጺ

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
23.07.2009

ብጻይ ንገሰ ኢዮብ ወልደገብርኤል፡ ወኪል ሓድነት ቀይሕ መስቀልን ወርሕን ኤርትራ፡ ኣባል ንኡስ ኣወሃሃዲ ሽማግለ ኣብ ሽገራብ ብዝሓደሮ ሕማም ብ22 ሓምለ 2009 ልክዕ ሰዓት 12፡00 ናይ ቀትሪ ኣብ ሆስፒታል ከሰላ ብመስዋእቲ ተፈልዩና።

ስዉእ ብጻይ ንገሰ ኢዮብ ናይ ቃልሲ ዕጥቁ ከየዝለቐ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝነበሮ ስድራ ቤታዊ ሓላፍነትን ናይ ሕማም ስቓይን፣ ንሰላም፡ ዲሞክራሲ፡ ፍትሕን ሓድነት ህዝብናን ሓሚመን ደኺመን ከይበለ ሃገራውን ውድባውን ዕማማቱ እናኣሰላሰለ'ዩ ተሰዊኡ። ብጻይ ንገሰ ኢዮብን ቅድሚኡ ዝሓለፉ ሰማእታትናን ዝተቓለስሉ ዕላማ ክሳብ ኣብ ሸቶኡ ዝበጽሕ ቀጻልቲ ምዃና መብጽዓ ንኣቱ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንስውእ መንግሰተ-ሰማይ የዋርሶ፡ ንቤተ-ሰቡን መቓልስቱን ድማ ጽንዓት ይሃበና እናበልና፡ ናይ'ቲ መሪር ሓዘን ተኻፈልቲ ምዃና ንገልጽ።